tigrinja

PÄIJÄT-HÄMEEN hyvinvointikuntayhtymä

# ንስኻን ቤተሰብካን ኮሮና (COVID- 19) ንኸይላባዕ ከመይ ጌርኩም ትከላኸሉ?

## **1.**ንዓኻ ወይ አባለ ስድራኻ ናይ ሰዓል ምልክታት እንተለኩም (ኡሕታ, ሰዓል, ሕማም ጎሮሮ, ረስኒ) አብ ገዛ ኮፍ በሉ።

ምልክታት ኮሮና እዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ፡ ቃንዛ ርእሲ, ሽታን መቐረትን ናይ ምስትምቓር ስምዒት ምጥፋእ, ሰዓል, ምዕባስ አፍንጫ, ኡሕታ, ጸገም ምስትንፋስ, ዓቕሚ ምስአን, ድኻም, ቃንዛ ጨዋዳታት, ቃንዛ ጎሮሮ, ነድሪ ጎሮሮ, ረስኒ, ዕግርግር ምባል, ተምላስ, ውጽአት።

## **2.** ንዓኻ ወይ አባለ ስድራኻ ናይ ሰዓል ምልክታት እንተለኩም,ምርመራ ኮሮና ግበሩ።

ኮሮና ምርመራ ናብ ቀዳማይ ረዲኤት ቁጽሪ **116117** ብምድዋል ትሐልፍ።
ወይድማ ናይ ኮሮና ምልክት ገምጋም አብ ኦማኦሎ ዝበሃል አገልግሎት omaolo.fi ክግበር ይከአል።
በዚ Omaolo አገልግሎት መገዲ ትኽ ኢልካ ናይ ምርመራ ቆጸራ ክትሕዝ ይከአል።

ምልክታት እንድሕር ተራእዩ ናብ ኮሮና ምርመራ ብቕልጡፍ ምኻድ የድሊ።

## **3.** ናይ ውሸባ ዕላማ ኮሮና ቫይረስ ንኸይማሐላለፍ ምክልኻል እዩ።

ንዓኻ ወይ አባለ ስድራኻ ንኽትውሸቡ ተወሲኑ, ናይ ውሸባ ትእዛዝ ምኽታል አድላይ እዩ, መታን ናይ ምልባዕ ሰንሰለት ብቕልጡፍ ክቋረጽ። ቅድሚ ምልክታት ምጅማሩ ኮሮና ክላባዕ ይኽእል። እቲ ሕማም ንኸይላባዕ ብውሸባ ንካላኸሎ።

አብ ውሸባ ዘሎ ሰብ ብጀካ ምስ አብሐደ ገዛ ዝነብሩ ስድርኡ ምስ ካልኦት ሰባት ክራኸብ የብሉን። ናብ ስራሕ, ትምህርቲ, መዋእለ ህጻናት, መዘናግዒ ቦታ, ድኳን, ላይብረሪ, ቤትምግቢ, ዓበይቲ ሹቕ, ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ ወይ ቆጸራ እንዳ ሰሻልን አገልግሎት ጥዕናን ምኻድ ክልክል እዩ። አብ ግዜ ውሸባ አይትዙርን ናብ ገዛኻ አጋይሽ አይትጸውዕ።

ውሸባ ክሳብ ዝውዳእ ክትስዕብዎ አለኩም ዋላ አብቲ ግዜ ውሸባ ዝተወሰደ ኮሮና ምርመራ ነጋቲቭ ይኹን እንበር። ካብ አገልግሎት ጥዕና ዝተዋህበኩም መምርሒ ሰዓብዎ።

- ካብ ካልኦት ሰባት ካብ 1-2 ሜትሮ ርሕቀት ሓሉ።
- ኢድካ ተሐጸብ, አብቅድሚ ካልኦት አይትስዓል።
- ማስክ ተጠቐም, ርሕቀት ክትሕሉ እንተዘይኪኢልካ።
- Koronavilkku- ዝበሃል አፕሊከሽን አብ ሞባይልካ አውርድ።
- ገዛኻ ኮፍ በል, ናብ ካልእ ቦታ አይቱዝር።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብፍኒሽን ብኢንግሊሽ ቋንቋታት: www.phhyky.fi